Family Assessment Response (መልሲ ስድራ-ቤታዊ ገምጋም) (FAR)

ሓደ መገዲ ርኢ ንምጥንኻርን ምሕጋዝን ስድራ-ቤታት

Washington State Department of
CHILDREN, YOUTH & FAMILIES

እንታይ ኢዩ Family Assessment Response (መልሲ ስድራ-ቤታዊ ገምጋም) (FAR)፤

FAR ካልእ ኣገባብ ኣመላልሳ ናይ Washington State Child Protective Services (ኣገልግሎትታ ድሕነት ህጻናት ክፍለ፡ሃገር ዋሺንግቶን) እዩ፤ ነቶም ዝቐርቡሉ ገለ ጥርዓናት ናይ ዓመጽ-ቆልዓን ሸለልትነትን። ቅድሚ FAR፤ CPS ነቶም ጥርዓናት ዓመጽ-ቆልዓን ሸለልትነትን ምጽራይ ብምግባር ግብረ-መልሲ ሂቡ።

FAR ይሰርሕ ምስ ስድራ-ቤታት ምእንቲ፤

- ክሕግዞም ኣብ ግዜ ሸግሮም፤ ንወለዲ ሓላፍነት ከየሰከመ ንዓመጽ-ቆልዓን ሸለልትነትን ብዝምልከት።
- ምስ ማሕበረ-ሰቦም ክራኸቡ ክሕግዞም።

ክልቲኦም ኣጻረይትን ጉዳያት ምርኣይ ስርሑም ሰራሕተኛታት FAR፤

- ይሰርሑ ምስ ስድራ-ቤታት ንቆልዑ ድሕነቶም ክሕልወሎም።
- የለልዩ ንስድራ-ቤታት ዘድልዩዎም።
- ይሰርሑ ኣብ ምጥንኻር ወለድን ማሕበረሰብን ከምኡ'ውን ጸጋታት።
- ይረክብ ኣገልግሎታት ዘቃልሉ ነቶም ዘጨንቁ ኩነታት፤ ንድሌታት ውላድ እኹል ኣድህቦ ካብ ምሃብ ዝዕንቅጹ።

ምጽራያት፤

- ይውስን ዓመጽ-ቆልዓ ወይ ሸለልትነት ዝነበረን ዘይነበረን።
- ነቲ ቀሪቡ ዘሎ ናይ ዓመጽ ወይ ሸለልትነት መን ሓላፍነት ከም ዝወስድ ፍለጥ። ዓመጽ ቆልዓ ወይ ሸለልትነት ተፈጢሩ ነይሩ ድዩ ኣይነበረን ምፍላጥ። እዚ ኣብ መዛግብቲ DCYF እዩ ዝቕመጥ፤ ከምኡ'ውን ክጸሉ ይኽእል ንናይ መጻኢ ናይ ስራሕ ዕድል ዝተኣሳሰር ምስ ቆልዑ ወይ ሓገዝ ዘድልዮም እኹላት ሰባት።

ብኽመይ እዩ Family Assessment Response (መልሲ ስድራ-ቤታዊ ገምጋም) ዝስርሕ፤

DCYF ንስድራ-ቤትካ ዝምልከት ጥርዓን ምስ ተቐበለ፤ ናይ FAR ሰራሒ ጉዳያት ክረኽበካ ኢዩ ከዘራርበካ ብዛዕባ ናይ ቆልዓኻ ድሕነት።

እቲ ሰራሒ ጉዳይ ምሳኻ ክሰርሕ ኢዩ ንክውስን ዘድልየካ እንተኾይኑ ኣገልግሎታት ወይ ሓገዛት፤ ንምጉዳል ናይ መጻኢ ስግኣታት ዓመጽ-ቆልዓን ሸለልትነትን። እቲ ሰራሒ ጉዳይካ፤ ንስድራ-ቤትካ ዘጋጠምኹም ብድሆታት ኣብ ምምካት ክሕግዝ ኢዩ።

ዝበዝሑ ናይ FAR ጉዳያት ይዕጸዉ ኣብ ውሽጢ 45 መዓልታት። እንተኾነ ግን፤ ንስኻን ናይ FAR ሰራሒ ጉዳይካን ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኽም ጉዳይካ ን120 መዓልታት ክፉት ኮይኑ ክጸንሕ፤ እዚ ግና ነቲ ንስኻ ጽቡቕ ጀሚርካዮ ዘለኻ ስራሕ ይሕግዝ እንተኾይኑ ኢዩ።

ምርጫታት ኣለካ፤

- ክትመርጽ ትኽእል ክትዋሳእ ኣብ FAR
  -ወይ-
- ክትመርጽ ትኽእል ክግበረልካ እቲ ልሙድ ናይ CPS ምጽራይ

እንድሕር ዘይተሰማሚዕካ ምስ ናይ FAR ሰራሒ ጉዳይካ ብዛዕባ ንስድራ-ቤትካ ዘድልዩ ኣገልግሎታት፤ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ ክትራኸብ ምስ ሰራሕተኛታት FAR ንክትዘራረብ ብዛዕባ ካልእ ኣማራጺታት።

እቲ ሰራሒ ጉዳይካ፤ ንስድራ-ቤትካ ዘጋጠምኹም ብድሆታት ኣብ ምምካት ክሕግዝ ኢዩ።

ብኽመይ Family Assessment Response (መልሲ ስድራ-ቤታዊ ገምጋም) ክሕግዘኒ ይኽእል፤

ትፈልጥ ኢኻ ንዓኻን ንስድራ-ቤትካን እንታይ ከምዘድልይኹም። ናትካ ናይ FAR ሰራሒ ጉዳይካ ክሰርሕ ኢዩ ምሳኻ ኣብ፤

- ምልላይ ብኽመይ ናይ ቆልዓኻ ድሕነት ኣብ ገዛ ተውሕስ።
- ነቶም መሰረታውያን ድሌታት ስድራ-ቤትካ ንከተማልእ።
- ንምኽዕባት ክእለታት ኣተኣላልያ ውላድካ ኣብ ኩሉ ዕድመታትን መድረኻትን።
- ከተማዕብል ዝደልደለ ዝምድና ምስ ማሕበረ-ሰብካ።
- ክትረክብ ማሕበረ-ሰባዊ ጸጋታትን መዓድትን ዝዛረቡ ብዛዕባ ህሉው ስክፍታታት ከም መንበሪ ገዛ፤ ስራሕ ወይ ካልኦት ጸገማት ጭንቀት ዝፈጥሩ ንዓኻን ንስድራ-ቤትካን።

ብሓባር ክንሰርሕ ኢና ንተኣማንነትካን ክእለትካን ንምምዕባል፤ መታን ደቅኻ ውሕስነት ክህልዎም።

ስለምንታይ ኢዩ Family Assessment Response (መልሲ ስድራ-ቤታዊ ገምጋም) ዝበጽሓኒ ዘሎ፡

- እቶም Department of Children, Youth, and Families (ክፍሊ ቆልዑ፤ መንእሰያትን ስድራ-ቤታትን) (DCYF) በጂሕዎም ጥርዓን ብዛዕባ ስክፍታታት ድሕነት ናይ ቆልዓኻ።
- እቲ ጥርዓን ዝበቕዕ ኢዩ ነቲ ሕጋዊ ትርጉም ዓመጽ-ቆልዓ ከምኡውን ሸለልትነት ዝርከብ ኣብ ግዝኣት ዋሽንግተን (RCW 26.44.020)።
- እቲ ጥርዓን፤ ቆልዓኻ ኣብ ቅድበታዊ ሓደጋ ኣሎ ዝብል ኣይነበረን።
- DCYF ክሰርሕ ይደሊ ኣሎ ምሳኻ፤ ንቆልዑኻ ድሕነት ክህልዎም ንምሕጋዝ።

ንመን እየ ዝውከስ ስክፍታታት እንተሃልዩኒ ብዛዕባ ጉዳየይ፡

ጥርዓን ወይ ስክፍታ እንተሃልዩካ ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ጉዳይካ፤ ደውል ናብ ተቆጻጻሪ ናይቲ ጉዳይካ ዝሰርሑ ዘሎ ሰራሕተኛ FAR።

ስክፍታታትካ እንድሕር ዘይተፈትሑ፤ ክትድውል ትኽእል ኢኻ ናብቲ Area Administrator (ኣማሓዳሪ ከባቢ)።

ሓገዝ ምስ እትደሊ፤ ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትድውል ትኽእል ኢኻ ናብ Office of Constituent Relations (ቤት-ጽሕፈት መራኸቢ ኣቓምቲ) ብ1-800-723-4831።

-ወይ-

ክትድውል ትኽእል ኢኻ ናብ Office of the Family & Children's Ombuds* (ቤት-ጽሕፈት ተሓለቐቲ ስድራ-ቤትን ቆልዑን) ብ1-800-571-7321።

**እዚ ወኪል ዝተፈልየ ኢዩ ካብ DCYF። የጻሪ ስክፍታታት ብዛዕባ DCYF ዝምልከቱ።*

*ናይዚ ሰነድ እዚ ቅዳሕ ብካልኣ ቅጥዒ ወይ ቋንቋ ክትወስድ እንተ ደሊኻ፣ ብኽብረትካ ንናይ DCYF Constituent Relations (DCYF መሰረትዋ ርክባት ኣዘራርብ) (1-800-723-4831 | 360-902-8060, **ConstRelations@dcyf.wa.gov**).*

DCYF PUBLICATION CWP_0023 | DSHS 22-1534 TI (07-2021) Tigrinya